# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.220 | ሰንበት 14 ግንቦት 2023 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2



"ሕጊታት ጋዝ" ጽብማቑ ...

ገጽ 3



ቃለ-መሕትት ምስ ኣቶ ቴድሮስ ተኽለ

ገጽ 4

ፍቕሪ፡ እቲ እንኮ ሓይሊ



ገጽ 5

ካብ ኣደነቕቲ ጽምብላት መርዓ



ገጽ 7

ስፖርታዊ ውድድራት ኣብያተ-ትምህርቲ ዞባ...




## ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ናብ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ገይሹ



ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ብዕድመ ፕረዚደንት ሺጂን ፒንግ፡ ኣብ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ናይ ኣርባዕተ መዓልታት ወግዓዊ ምብጻሕ ንምፍጻም፡ ትማሊ ሰዓት 5፡00 ድሕሪ ቐትሪ ናብ'ታ ሃገር ገይሹ።

ኣብ'ዚ ዑደት፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስን ፕረዚደንት ሺጂን ፒንግን፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ቻይናን ኣብ ፖለቲካዊ፡ ቀጠባዊ፡ ፋይናንሳውን ልምዓታውን፡ ከምኡ'ውን ንግዳውን ኢንዱስትሪያውን መዳያት ዘለዉ ሽርክነት ንምዕዛዝ ክዘትዩ እዮም።

ብዘይካ'ዚ፡ ሓበራዊ ኣገዳስነት ኣብ ዘለዎም ዞባውን ኣህጉራውን ጉዳያትን ምዕባለታትን እውን ክምዘራረቡን ሓሳብ ንሓሳብ ክምዘለዋወጡን ተፈሊጡ ኣሎ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ሚኒስተር ፋይናንስን ሃገራዊ ልምዓትን ዶ/ር ገርገስ ተኽለሚካኤል፡ ከምኡ'ውን ሚኒስተር ንግድን ኢንዱስትሪን ኣቶ ነስረዲን መሓመድ ሳልሕ፡ ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ሓቢሮም ተጓዒዞም ኣለዉ።

ኤርትራን ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይናን፡ ወግዓዊ ዲፕሎማሲያዊ ዝምድና ካብ ዝምስረታ፡ ልሚ ዓመት 30 ዓመት ክመልእ እዩ።

ዑደት ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ድማ፡ ንቲ ኣብ ዝሓለፈ 30 ዓመታት እናማዕበለ ዝመጸ ኩሉ-መዳያዊ ዝምድናታት ኣብ ምድንፋዕ ልዑል ኣበርክቶ ክህልዎ እዩ።

## ኣስመራ - ናይ ተጠቃምነት ግዜኡ ዝሓለፈ መድሃኒታት ክውገን ጀሚሩ

ፋርማሲቲካዊ ማሕበር ኤርትራ፡ ብምኽንያት'ቲ ካብ 6 ክሳብ 11 ግንቦት ክካየድ ዝቐነየ 'ቅነ መድሃኒት'፡ ምስ ናይ ስራሕ መሻርኽቱ ብምውህሃድ፡ ናይ ተጠቃምነት ግዜኡ ዝሓለፈን ኣብ ጥቕሚ ዘይውዕልን መድሃኒታት ዝውገደሉ ቆፎታት፡ ከም ፈተነ ኣብ ከተማ ኣስመራ ኣብ ዝርከባ 50 ትካላት መሸጣ መድሃኒት ኣዋዲዱ - ድሮ እውን ህዝቢ ክግልገለሉ ጀሚሩ።

ምክትል ኣቦ-መንበር ማሕበር ኣቶ ጠዓመ ዓንደማርያም፡ ከም ውጽኢት ጐስጓሳት፡ ሕብረተ-ሰብ ኣብ ኣባይቱ ዝጸንሐ መድሃኒታት ሒዙ ናብ'ተን ትካላት ክውሕዝ ጀሚሩ ምህላዉ፣ እዚ ድማ ውሑስን ዘይተበከለን ኣከባቢ ንምውናን ረብሓ ከምዘለዎ ገሊጹ።

ሕብረተ-ሰብ ብሓኪም ንዝተኣዘዘሉ መድሃኒት ብግቡእ ክጥቀመሉ፣ ምስ ዘይጥቀመሉ ድማ ኣብ ትካላት መሸጣ መድሃኒት ተቐሚጡ ኣብ ዘሎ መጉሓፊ ቆፎታት ክወግዶ ተላቢዩ።

ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኣስመራ ኣብ ዝርከብ ትካላት መሸጣ መድሃኒት ዝረኸቡ ዘለዉ ሞያውያን፡ እቲ መደብ - ንቕሓት ሕብረተ-ሰብ ኣብ ሳዕቤናት ግዜኡ ዝሓለፈ መድሃኒት ኩብ ንምባል ሓጋዚ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ጉድኒ-ጉድኒ ስራሖም፡ ብዛዕባ ምውጋድ ግዜኡ ዝሓለፈ መድሃኒታት ከስተምህሩ ምዃኖም ገሊጾም።

ምውጋድ ግዜኡ ዝሓለፈን ኣብ ጥቕሚ ዘይወዓለን መድሃኒት፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ኪይተደረተ፡ ኣብ ካልኦት ዞባታታት'ውን ክካየድ ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ።



## ከረን - ብጽርበት ዕንጸይቲን ሓጺንን ዝሰልጠኑ 27 መንእሰያት ተመሪቖም

ትካል ውጽኢት ሓጺን ዕንጸይትን ሰሚንቶን ከረን፡ ንኣስታት 8 ኣዋርሕ ብሞያ ጽርበት ዕንጸይቲን ሓጺንን ዘሰልጠኖም 5 ጽመማን ዝርከብዎም 27 መንእሰያት፡ ብ6 ግንቦት ተመሪቖም።

ኣብ'ቲ ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳን ኣቦ-መንበር ሃማመተኤ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲንን ዝተረኽቡሉ ስነ-ስርዓት፡ ጸሓፊ ህግደፍ ኣብ'ቲ ዞባ ኣቶ ሃይለ ተወልደብርሃን፡ እቲ ትምህርቲ ኣካል ናይ'ቲ ሞያውን ኣካዳሚያውን ዓቕሚ መንእሰያት ንምምዕባል ክዋበር ዝጸንሐ ወፍሪ ምዃኑ ጠቒሱ፡ ተመረቕቲ ቀሲሞምዎ ዝለዉ ሞያ ብስራሕ ከዕብዩዎን ንካልኦት መንእሰያት ኣርኣያ ክኾኑን ተላብዩ።

ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ኣዛዚ በረኸትኣብ እውን፡ እቲ ሞያዊ ትምህርቲ ውጽኢት ናይ'ቲ ማሕበር ምስ መሻርኽቲ ብምትሕብባር፡ መንእሰያት ርእሶም ክኽእሉ ዘኽእሎ ዘሎ ንጥፈታት ምዃኑ ገሊጹ።

ሰልጠንቲ ዝርኣይዎ ድሌትን ጻዕርን ኣብ ስራሕ ብዝለዓለ ከንጽብርቕዎ ዘተባብዐ ኣካያዲ ስራሕ ናይ'ታ ትካል ኣቶ ምስግና ጉዕሩ ድማ፡ ቀሲሞምዎ ዘለዉ ሞያ ኣሐዩሎም ኣስር ናይቶም ኣብ'ታ ትካል ሰልጢኖም ናይ ውልቆም ትካላት ከፊቶም ዘጠቕዑ ኣብነታውያን መንእሰያት ክስዕቡ ኣተባቢዑ።

ብምትሕብባር ምምሕዳር ከተማ ከረንን ሃማመተኤን እትካየድ ትካል ውጽኢት ሓጺን ዕንጸይትን ሰሚንቶን ከረን፡ ካብ 1997 ጀሚራ ብርክት ዝበሉ መንእሰያት ከምዘሰልጠነት ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ተሓቢሩ።





ቅያ ስጡም መስርዕ!

# ኮርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## "ሕጊታት ጋዝ" ብጽማቕ IV

ሮበርት ቦይል

(1627 - 1691)

ካብቶም "ኣቦ ዘበናዊ ኬሚስትሪ" ዝብል ስም ዝተዋህቦም ስነ-ፍልጠተኛታት ሓደ ሮበርት ቦይል እዩ። ንመጀመርታ ግዜ ምርምራቱ ምሉእ ቀጽጽር ዝነበሮ፡ ንፈተነታቱ ብንጹር ምስ ደረጃታቱን ትዕዝብትታቱ ዘስፈረን ዘሕተመን ስነ-ፍልጠተኛ እዩ። እዚ ሎሚ ብጉጅለ መጽናዕቲ (research group) ዝፍለጥ ሜላ ኣጸናንዓ ንመጀመርታ ግዜ ቦይል ኣተኣታትዩዎ።

ሮበርት ቦይል ዝያዳ ኹሉ ኣብ ስነ-ቀመም (ኬሚስትሪ) ይግደስ ነበረ። ብ1660 ስነ-ፍልጠታዊ ስርሑ ብዛዕባ "ፊዚካላዊ" ባህሪ ናይ ኣየር ኣሕተመ። ብኣየር ፓምፕ ተጠቒሙ ቫኩም (vacuum) ክፈጥር ክኢሉ፡ ካብቲ ዝገብሮ ዝነበረ ፈተነታ ቅጺ ናይ ጋዝ ኣንጻር ጸቕጢ ከም ዝቀያየር ገለጸ። ጸቕጢ ክዛይድ እንከሎ፡ ቅጺ ናይቲ ጋዝ ከኣ ይንእስ። እዚ ኣምር እዚ ብ"Boyle's law" ዝፍለጥ ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ዝቐረበ እዩ።

ሮበርት ቦይል ኣብ ኣየርላንድ 1627 ተወሊዱ። እቲ ዝነኣሰ ካብቶም ዓሰርተ ኣርባዕተ ኣሕዋቱ እዩ። ኣቦኡ ሓደ ካብቶም ዝሃብተሙ ሰብኡት ዓባይ ብርጣንያ ብምንባሩ፡ ድላዩ ንኽገብር ዘይውዳእ ዕድል ነበሮ። ንጸጋ ወለዱ ናብ ዋቕመ ንምውዓል ነቒሉ። ምስ ሓውን ናይ ውልቂ መምህሮምን ብምዃን ኣብ ኤውሮጳ ዘሎ ትምህርቲ ንምቕሳም ኣህጉር ምልእቲ ኩሊሎም። ፍልስፍና፡ ሃይማኖት፡ ቋንቋን ስነ-ቀጽሪን ድማ ተማሂሩ። ብዘይካኡ ናይ ቤከን፡ ደስካርትስን ጋሊለዮን ትምህርትታት ተኸታቲሉ። ኣብቲ ግዜ ዒ. ዝና ዝነበሮ ፍልጠት "ኣልኬሚ" ንቦይል ኣይመሰጦን። ሓድሽ ትምህርቲ ፊዚክስ፡ ሓደስቲ ሓሳብ ኣየርን ቫኩምን፡ ምንቅስቓስ ፕላኔታትን ስርዓት-ዙረት ደምን ንሓሳባቱ ሰሪቐዎ።


ቦይል ኣብ ስነ-ፍልጠት፡ ፍልስፍናን ስነ-ሃይማኖትን ዓበይቲ ሕቶታት ዘለዓዕሉ ጽሑፋት ንሕትመት ይሰድዶ ነበረ። ብ1660 "The Spring and Weight of the Air" ብዝብል ዘሕተሞ ጽሑፉ፡ ቫኩም ክፈጥረሉ ዝኽእል ኣየር-ፓምፕ ተሓጊዙ ናይ ዘጽንዖ ባህርያት ጋዝ ዝገልጽ ነበረ። እዛ መስርሕ ኣገዳስነት ኣየር ኣብ ምትሕልላፍ ድምጺ ዘለዎ ግዴ እተርኢ ግብራዊት መረጋገጺ ከም እትኸውን ኣስተውዒሉ። ንእግረ-መገዱ ኸኣ ኣየር ንህይወትን ንእትበርህ ሽምዓን ኣገዳሲ ምዃኑ ተገንዚቡ። ኣብ ፈተነታት ዝተመርኰሰ ምርምራቱ፡ ንነገራት እዛ ዓለም ካብ ሓሳባዊ ኣጠማምታ ኣሪስቶቲልን ፓራሰልሰስን ወጻኢ ብግብራዊ ፈተነታት ክረጋገጽ ከም ዘለዎ'ዩ ኣግሂድሉ። ብኣሪስቶቲላዊ ሓሳብ እዛ ዓለም ውጽኢት ኣርባዕተ ባእታት (መሬት፡ ኣየር፡ ሓውን ማይን) ምዃና ዝገልጽ ነበረ፣ ፓራሰልሰስ ብወገኑ ናብ ሰለስተ (ጨው፡ ሳልፈርን ሜርኩሪን) ኣውሪድዎም። ቦይል ከሚካላዊ ፈተነታት (ምርምራት) ናብ ግብራውን ዝጭበጥን ሓቂ ክመርሑና ከም ዝኽእሉ ይኣምን ነበረ።



ኣብ ስነ-ፍልጠት ዝዓበየ ኣስተዋጽኦ ሮበርት ቦይል፡ ብ1661 ዘሕተሞ "The Sceptical Chymist" ዝብል ብዛዕባ ባእታ (element) ነበረ። ኣሪስቶቲላዊ ኣረዳድኣ፣ ባእታታት፡ እቶም ናይ መወዳእታ ዝደቑቑ ኣካል ናይ ነገራት ዘይኩኑ፡ ኣገደስቲ ድርቅምቃም ናይ ነገራት ምዃኖም ዝገልጽ ነበረ። እዚ ማለት ማይ ሓደ ባእታ እንተ ኹይኑ፡ እንተወሓደ ብዘወሓደ ዓቐን ኣብ ኩሎም ነገራት ይርከብ ማለት ነበረ። ቦይል ኣብ ባእታታት ዝነበሮ ሓሳብ ከምቲ ዝድለ ንጹር ኣይነበረን። መብዛሕትኦም ኣቐዲሞም ከም ቀቡላት ዝጸንሑ ባእታታት (ሓዊ፡ ማይ፡ ጨው፡ ሜርኩሪ... ወዘተ) ምስ ኣሪስቶቲላዊ ኣምር ዘቃርብ ከም ዘይብሉ ግን ብግብራዊ ፈተነታት መስኪሩ።

ናይ ኣልኬሚ ሰባት ምርምራቶም ብቐሊል ዝርከብ ኣይነበረን። ቦይል ካብቲ ክብሪ ዝሃቦ ኸኣ ኣብ ፈተነታቱ ንዝገበሮም ንኣሽቱ ደረጃታትን ዝተወድኡን ዘይተወድኡን ፈተነታቱን ከይተረፈ የሕትሞም ብምንባሩ'ዩ። ካብ 1654 ጀሚሩ ምስ ጸለውቲ እንግሊዛውያን ፈላጣት ስነ-ፍልጠት፡ ስነ-ቀጽሪ፡ ፍልስፍናን ፊዚክስን ብምዃኑ ንእሽተይ ጉጅለ መስሪቱ። ሰሙናዊ ኣብ ኦክስፎርድ ሎንደን ይራኸቡ ነበሩ። እዛ ጉጅለ ኣብ 1662 "the Royal Society" ዝብል ስም ሒዛ፡ "ቶባእ ንቓላት!" ዝብል ጭርሖኣ፡ ስነ-ፍልጠት ኣብ ግብራዊ ፈተነታት ዝተመርኰሰ ምዃኑ ንምግላጽ ነበረ። "the Royal Society" ድሒሩ ንስነ-ፍልጠታዊ ምርምራት ኣፍልጦ ዝህብ ዒ. ጉጅለ ኩይኑ። ቦይል ዝተረፈ ግዜኡ ምስ መሳርሕቱን ተሓጋገዝቱን ብምዃን ኣብ ኦክስፎርድ የንብብን ፈተነታት የካይድን ነበረ። እዛ ናይ ቦይል ጉጅለ ልክዕነት ስነ-ፍልጠታዊ ቅማረታት፡ ብውድዓውነትን ሓድሽ ፍልስፍናን ተርእዮ ነበረት። ድሕሪ 26 ዓመት ከኣ ፕረዚደንት ናይዛ ማሕበር ክኸውን ተመርጸ።

ኣብ ኣገባብ ኣዳልዋ ፈተነታት መሪሕ ስም ዝሓዘ ሮበርት ቦይል፡ እዚ ኣብ ሕግታት ጋዝ እንመሃሮ ዘለና "ሕጊ ቦይል" ገና ወዲ ዕስራ ዓመት እንከሎ እዩ ዘረጋገጸ። ንሕና ኣብዚ ዕድመናኸ እንታይ ንፈልጥ ኔርና/ኣለና ንኸውን? ንኽፈልጥ ዘለና ሸውሃትከ ክንደይ ምንታይ ይኸውን?





ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ብርሃን ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

**ቦርድ ምስንዳእ**
የሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተሰፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ትንሱእ ፍስሃየ    ቤተልሄም ታደሰ
ሳምራዊት ሃብቱ    ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.200454-07121322
**ምልክታ**
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


### እንሆ ግድል ንበላሕቲ

ኣብዚ ብተኸታታሊ እናቕርቦ ዘለና ትሕዝቶ ሕግታት ጋዝ፡ ምርኩስ ብምግባር ነዞም ክልተ ግድላት ፈትኑዎም።

1. 45 ሊትሮ ሄልየም ጋዝ ዝሓዘት ባሉን ኣብ 25 ደረጃ ሰልሲየስ ነበረት። መጠን ረስኒ ናይ ሄልየም ጋዝ 55 ደረጃ ሰልሲየስ ነይሩ እንተ ዝኸውን'ከ?

2. ኣብ ሓደ "ፒስቶን" 130 ሊትሮ ጋዝ ብ250 ደረጃ ሰልሲየስ ኣቐሚጠ ነበርኩ። ኣብ ኣዝዩ ዝሑል ክፍሊ ምስ ኣእተኹዎ፡ እቲ ጋዝ 85 ሊትሮ ኮይኑ ጸኒሑኒ። መጠን ረስኒ እዚ ክፍሊ ክንደይ'ዩ?

#### መልሲ

1. ቅጺ$_1$/ረስኒ$_1$= ቅጺ$_2$/ረስኒ$_2$

(45 ሊትሮ/298 ኬልቪን)= (ቅጺ$_2$/328ኬልቪን)

ቅጺ$_2$= 5.1 ሊትሮ

2. ቅጺ$_1$/ረስኒ$_1$= ቅጺ$_2$/ረስኒ$_2$

(130 ሊትሮ/523 ኬልቪን)= (85 ሊትሮ/ረስኒ$_2$)

ረስኒ$_2$= 340 ኬልቪን

ረስኒ$_2$= 69 ደረጃ ሰልሲየስ



### ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ከም መጽሓፍ ዝበለ እሙን ዓርኪ የለን።"

- Ernest Hemingway

ትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጹ ጥቕሲ

# ቁርሲ ሰንበት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ፍቕሪ፡ እቲ እንኮ ሓይሊ



ሓደ ናይ ኮለጅ ፕሮፌሰር ንሓንቲ ናይ ሶሹሕብረተሰብ ተማሃሮ ዝሓዘት ክፍሊ ናብ ባልቲሞር ተባሂሉ ዝጽዋዕ ከባቢ ብምውሳድ፡ ታሪኽ ናይ ክልተ ሚእቲ ህጻናት ደቂ-ተባዕትዮ ከጽንዑ ከምዝለዎም ሓቲቱ ኣፋነዎም። ኣብ መወዳእታ ድማ መጻኢ ዕድል ናይቶም ህጻናት እንታይ ክኸውን ከምዝኽእል ዘረድእ ንጹር መደምደምታ ሒዞም ክምለሱ ኣተሓሳሰቦም።

እቶም ተማሃሮ ከም ቀዳማይ ዕላማ መጽናዕቶም፡ ኣብቲ ብዙሒ ህጻናት ክረኽቡሉ ዝኽእሉ ከባቢ ከተኮሩ እዮም መሪጾም። በዚ ምኽንያት ናብ'ቲ ዝሓረይዎ ከባቢ ብምኻድ መጽናዕቲታቶም ሓደ ኢሎም ፈለሙ። ድሕሪ'ቲ ዘካየድዎ መጽናዕቲታት ከኣ፡ ካብ'ቶም ኣማኢት ህጻናት ዝበዝሑ ትሑት ደረጃ መነባብሮ ካብ ዘለዎ ሕብረተሰብ ዝመጽኡን ኣብ ሻውሓት ብዝይ ሓገዝ ወለዲ ዝዓበዩን ነበሩ። ነዚ ምርኩስ ብምግባር ከኣ መጻኢ ዕድላት ናይቶም ህጻናት ንምውሳን ብዙሕ ከይተጸገሙ፡ "እዞም ህጻናት ብኹሉ መለክዒታት ዝተሃሰዩ ብምዃኖም፡ ገዛእ መጻኢ ህይወቶም ራኢ ዘይብሉ፡ ዕዉታት ክኾኑ ዘሎ ተኽእሎ'ውን ኣዝዩ ጸቢብ ምዃኑ እዩ" ክብሉ ደምደሙ።

ብውጽኢትን መደምደምታን እቲ መጽናዕቲ ዝዓገበ ፕሮፌሰር፡ መጻኢ ናይቶም ህጻናት እናኣተሓሳሰቡ፡ ተመሃሮኡ ዝተሓተትዎ ኣብ መፈጸምታ ከብጽሕዎ ምኽኣሎም ኩርዓት እናተሰመዖ ዘዘዮገቡኦም ነጥቢ ሂቡ ኣፋነዎም።

እዚ መጽናዕቲ ግና ከምዚ ኣሉ ንስለ መጽናዕቲ ጥራይ ኣይተረፈን። ድሕሪ 25 ዓመታት ካልእ ፕሮፌሰር ንመጽናዕቲን መደምደምታን ናይቶም ተመሃሮ ረኸቦ። ጸቡቕ ገይሩ ድሕሪ ምዕዛቡ ድማ፡ ነቲ በቶም ተመሃሮ ዝተወሃበ መደምደምታ ልክዕነቱ ንምርግጋጽ፡ ነቶም ቅድሚ 25 ዓመታት ኣተኩሮ ዝተገብረሎም ህጻናት ክረኽቦም ወሰነ።

ብመሰረት ዝረኸቦ ሓበሬታ ተሓጊዙ ድማ ኣብ'ቲ ህጻናት ዝዐበዩሉ ከባቢ በጽሐ። ካብቶም ኣብ'ቲ መጽናዕቲ ዝተሳተፉ 200 ተመሃሮ፡ ገለ ወኺሎዎት ብመገሻን ሞትን ዝተፈለዩ እንተዘይ ኮይኑ ንዝበዝሑስ ረኺቦም ደኣ። እቲ ፕሮፌሰር ንሓፈሻዊ ኩነታቶምን ደረጃኦምን ኣብ ዝተዓዘቦ፡ ሓደ ፍሉይ ነገር ክስተውዕል ከኣለ። ካብ'ቶም ኣቢታ ግዜ እቲኣ ኣብ 30ታት ዕድመ በጺሖም ዝነበሩ መንእሰያት ደቂ-ተባዕትዮ፡ እቶም ልዕሊ 170 ተመሃሮ ዘደንቕ ዓወታት ብምጉንጻፍ፡ ኣብ'ቲ ዝነበርዎ ከባቢ ዓበይቲን ምሁራትን ዓይነት ሰባት ኮይኖም ጸኒሖም።

በዚ ድማ፡ መደምደምታ እቲ ቅድሚ 25 ዓመታት ብተመሃሮ ናይ ሓንቲ ክፍሊ ዝወጸ፡ ንመጻኢን ዕድላትን እዞም ህጻናት ዘእንፍት መጽናዕቲ ብምዝኻር ፈጺምካ ዘይሰነ ኮይኑ ረኸቦ። ፕሮፌሰር፡ እቲ ክውንነት ከምቲ እቶም ተመሃሮ ቅድሚ 25 ዓመት ዝገመትዎን ዝደምደምዎን ዘይምኻኑ'ኳ ዕግበት እንተ ተሰመዖ፡ ምስጢር ገዛእ ዓወታት እቶም መንእሰያት እንታይ ምዃኑ ንምፍላጥ ግዳ ተረበጸ።

ፕሮፌሰር፡ ብዙሓት ካብቶም እቲ መጽናዕቲ እተኻየደሎም መንእሰያት ኣብቲ ከባቢ ስለ ዝነበሩ፡ ረኺቡ ከዘራርቦም ምንጪ ዓወቶም እንታይ ምዃኑ ክሓቶምን ተበገሰ። እቶም መንእሰያት ትቐርበሎም ዝነበረት ሕቶ ኣዚያ ቀሊልን ንጹርቲን እያ ነይራ - "ብኸመይ ኢኻ ኣብ ከምዚ ደረጃ ክትበጽሕ ክኢልካ?"።

ካብ መልሲ ናይቶም መንእሰያት፡ ምስጢር ዓወታቶም ክትክውን እትኽእል ሓንቲ ሓብራዊት ሓሳብ ክርዳእ ኣይተጸገመን። ምኽንያቱ እቶም ዝተሓተቱ መንእሰያት ኣብ ዘቕረብዎ ዝነበሩ መልሲ፡ ቀዳመይቲ ዘረብኦም፡ "ሓንቲ መምህር ነይራ። ንሳ ...." እናበሉ ኩሎም ንስም ሓንቲ መምህር ክጠቕሱ እዮም ተማሂዖም። እዚ ዝሰምዐ ፕሮፌሰር፡ እንታይነትን ምስጢርን ናይቲ ዓወታት፡ እታ መምህር ክትክውን ከምእትኽእል ኣይተደናገረን። ንኸሎም እቶም መንእሰያት ኣመስጊኑ ድሕሪ ምፍናው ድማ ነታ ብተደጋጋሚ ስማ ዝጥቀስ ዝነበረት መምህር ክረኽብ ንጥፈታቱ ቀጸለ። ድሕሪ ዝገበሮ ዘይሕለል ድልያ ከኣ ነታ መምህር ረኸባ።

ኣብ ቅድሚ'ታ ክደልያ ብዙሕ ግዜ ዝወሰደትሉ መምህር ዝቐረበ ፕሮፌሰር፡ ንኩሉታ ኣተኩሩ ተዓዘቡ። እታ መምህር ግና ዕድመ ደፊኣ ብምንባራ ኣዚያ እተናኸመት ኮይና እዩ ረኺብዋ። መምህር ሽሕ'ኳ ብእርጋን ዝተሰከፈት ትምሰል፡ ሓፈሻዊ ኩነታት ኣእምሮኣ፡ ነገራት ብዮግበእ ናይ ምዝኻርን ስራሑ ኣብ ምስልሳልን ከም ቀደሙ ነይሩ። ድሕሪ'ዚ ፕሮፌሰር ግዜ ክቕትል ኣይደለየን፡ ናብ ጉዳዩ ብምትኳር፡ ንሶም ቁልዑ ካብ'ቲ ተሰፉን ሓገዝን ዘይብሉ ቦታ ወጺኦም፡ ናብ ዓበይቲ ዓወታት ክበጽሑን መጻኢ ገዛእ ህይወቶም ብሩህ ኮይኑ ክቐጽልን ዝተጠቐመትሉ ሜላ እንታይ ምዃኑ ክፈልጥ ከምዝመጸ ሓበራ። እተን ለውሃት ዘጸበርቓ ኣዒንታ ንብዑት እናውሓዘ ምስተን ሒደት ኣስናና ኣሰነያ ፍሽኽ ድሕሪ ምባል፡ "እዚ ቀሊል እዩ። ኣነ ልዕሊ ሰበይ ዝገበርኩሉምን ዝጸዓርኩሉምን ፍሉይ ነገር የለን። በቃ ኣነ ኣፍቂረዮም ጥራይ እየ" ክትብል መለሰት። በቲ ዝርእዮን ዝሰምዖን ዝነበረ ኩነታት ዝተገረመ ፕሮፌሰር፡ እንታይነት ፍቕሪ ቀሊል ክኸውን ከምዝይክእል ዝገንዘቦ'ኳ እንተነበረ፡ ክሳብ ክንድ'ዚ መጻኢ ዕድላት ደቂ-ሰብ ክልውጥ ይኽእል እዩ ዝብል ርድኢት ከምዘይነበሮ ደምደመ። በዚ መሰረት፡ ነቲ ቅድሚ 25 ዓመታት ብተመሃሮ ዝተኻየደ መጽናዕቲን ወጽኢቱን ብቕዩሕ ቀለም ናይ ጌጋ ምልክት ገቢሉ'ሞ ኣብቲ ዝረኸቦ ሰፍራ ድማ መለሶ።

"ኣብ ዝኸደካዮ ፍቕሪ እናዝራእካ ኪድ። መጀመርያ ኣብ ገዛኻ፣ ፍቕሪ ንደቅኻ፣ ንብዓልትኻን ንጎረቤትካን። ንዝረኸብካዮ ኩሉ ዝያዳ ሕጉስን ዝሓሸ ሰብን ኮይኑ ከም ዝኸይድ ግበር። ህያው ኣብነት ናይ ለውሃት ኩን። ለውሃት ኣብ ገጽካ፣ ለውሃት ኣብ ኣዒንትኻ፣ ለውሃት ኣብ ፍሽኽታኻ፣ ለውሃት ኣብ ምውዑቕ ሰላምታኻ። ምስጢር እዚ ኩሉ ዓወታት ድማ ህላውነትን ሓይልን ፍቕሪ ምዃኑ ክስወጠካ እዩ።" ብምባል ዋና ዛንታ ናይ'ዚ ኣርእስቲ ህንዳዊት ማዘር ትሬዛ ተረድእ።

## መጠኑ ዝሓለፎ ፍቕሪ




ካሊጉላ ዝተባህለ ንጉስ ናይ ሮማ ኣብ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ህይወቱ ዝጥቀመሉ ኣዝዩ ዝፈትዎ ፈረስ ከምዝነበሮ'ዩ ዝንገር። እዚ ንጉስ ኑቲ ኣዝዩ ከምዝፈትዎ ዝገልጾ ፈረሱ ልዕሊ እቶም ኣብ ኩሉ መዳያት ዘሕግዝዎ ኣገልገልቱ ዝርእዮ ምንባሩ ይጥቀስ።

እቲ ዕድለኛ እናተባህለ ዝጽዋዕ ፈረስ ናይ'ዚ ንጉስ፡ እንስሳታትስ ይትረፍ ሰባት እውን ረኺቦሞ ዘይፈልጡ ብርክት ዝበለ ሓለፋታት እዩ ዝግበረሉ ነይሩ። ሕሉፍ ሓሊፍዎ ንጉስ ካሊጉላ፡ ንፈረሱ ጥዕናኡን ሓፈሻዊ ኩነታት ህይወቱን ዝከታተልዎ ብዙሓት ኣገልገልቲ ሰሪዑሉ ምንባሩ ይግለጽ። በዚ መሰረት፡ ብስልማት ዝጌጸ ናይ ብሕቱ ርሻንን ምሩጽ መግቢታት ዝቐረበሉ ጽሩይ ናውቲ ምግብና ዘለዎ ክሽነን ተሰሪሑሉ ምንባሩ ይሕበር። እቲ ኣዝዩ ዘገርም ግን፡ ካሊጉላ ንፈረሱ ከም ቀንዲ ኣባል ላዕለዎት ሓገዝቲ ባይቶ ናይቲ ዘመሓድሮ ዝነበረ ግዝኣት ንኽኸውን መደብ ሰሪዑ ምንባሩ እዩ። እንተኾነ፡ ምኽንያቱ ብዘይተፈልጠ እቲ መደብ ተግባራዊ ክኸውን ከምዝይ ከኣለ ይዝንቶ።

ካሊጉላ ንፈረሱ ክሳብ ክንድ'ዚ ክፈትዎ ዘኽኣለ ረቛሒ፡ ዋላ'ኳ ብንጹር ኣይፈለጥ፡ ዘይከም ካልኦት ነገስታት ናይ ዓለምና ኣብ እንስሳታት ዘለዎ ኣጠማምታ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ኣፍራስ ዝነበሮ ዝበረ ክንክን መጠኑ ዝሓለፎ ምንባሩ መዋጋብቲ የረድኡ።



## ምስላ ንደለይቲ ልቦና

ሓብል ዝተባህለ ፍርዱ፡ ንምስክር ዘይምስዩዱ።

ሓሳዊ ሓቂ እንተተዛረበ፡ ኣይእመን።

ዘይሓስብ ኣይንገድ፡ ሓናኽ ኣይተኣንገድ።

ከይተሓርደ ኣይርከብ ስብሑ፡ ከይተመርመረ ኣይፍለጥ ገርሑ።

ሓርጭ ሰኣን ወሰኽ፡ ነገር ሰኣን ሰኽ።

ሓርጭ ሰይጣን ዝልቃሕ፡ ከይባልዐን ይብል ጋሕ።



## ኣደነቕቲ ሓቅታት



- ኣብ ሳን ሳልቫዶር መራሕቲ ማኪና ኣልኮላዊ መስተ ሰትዮም ክዘውሩ ምስ ዝተሓዙ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ቀሪቦም ክርሸኑ ዝእዝዝ ሕጊ ከምዝነበረ ትፈልጡዶ።

- ኣብ ስዊዘርላንድ ኣብ ማእከል ከተማ ማዕጾ ማኪናኻ ገም ኣቢልካ ምዕጻው፡ ንሕጊ'ታ ሃገር ዝጻረር ተግባር ተባሂሉ ከቢድ መቕጻዕቲ ከምዘስዕብ ትፈልጡዶ።

- ኣብ 1968 ኣብ ሃገረ ህንዲ ኣብ መንጎ ለመንቲን መጸወትቲን ክህሉ ዘለዎ ዝምድና ዝገልጽ ሕጊ ንምጽዳቕ ሰፊሕ ኣኼባ ተኻዪዱ ምንባሩ'ኸ ትፈልጡዶ? ኣብ'ቲ ሃገራዊ ዝተሰምዐ ኣኼባ፡ ለመንቲ ወሰኑን ቦታ ክህልዎም፡ መጸወትቲ'ውን እንተኾኑ መጠን ክምጽውትዎ ዘዮጉብኦም ገዝዑብ ብንጹር ዝሕብር ዝርዝር ዘሰፈረ እዩ ነይሩ። እቲ ኣዝዩ ዘገርም ሕጊ ናይዚ ኣኼባ፡ ሓደ መጸዋቲ ልዕሊ ሰለስተ ሳንቲም ምስ ዝሀብ ብሕጊ ዝሕተትን ከቢድ መቕጻዕቲ ዘስዕበን ምኻኑ እዩ።

- ኣብ 1952 ፎፊል ወይ ካራሜላ ኣብ ውሽጢ ኣመራ ጥራይ እንተዘይ ኮይኑ ካብ ኣመራ ናብ ዝኾነ ክፋል እዛ ዓለም ክወጽእ ፍቓድ ኣይነበረን። ምኽንያቱ ብቐልጢፍ ዝሰራሕ ፎፊል ንመሰርሐኡ ዘገልግል ቀረብ ጥረ ነገራት ኣጉዳሲ ብምዃኑ፡ ናብ ዕዳጋ ከይዝርጋሕን ናብ ዓለም ፋሕ ክይብልን ዝዓለመ ምንባሩ መዛግብቲ ታሪኽ ይሕብሩ።

- ኣብ ቱርኪ ኣብ መበል 16 ከምኡ'ውን 17 ዘመናት ሓደ ሰብ ቡን ክሰቲ ምስ ዝርከብ ወይ ምስ ዝተሓዘ ብሞት ይቕጻዕ ምንባሩ'ኸ ትፈልጡዶ?

- ጻዕዲ ተሸከርከርቲ ንምንካይን ክስዕብ ካብ ዝኽእል ሓደጋ ንምክልኻልን ዕላማ ዝገበረ ሕጊ ኣብ ዘመን ጁልየስ ቄሳር ተኣታትዩ ከምዝነበረ'ኸ ትፈልጡዶ። በዚ መሰረት ዝኾኑ ተሸከርከርቲ ኣብ ሰዓታት ለይቲ እንተዘይ ኮይኑ፡ ብዮግዜ መዓልቲ ክትንቀሳቐስ ይፍቀዳ ኣይነበረን።



## ኮርናዕ ጥቕስታት

"ምንባር ሓንሳብ'ዩ ዝይትድገምን እዩ። ዝኣ ብልክዕ እንተነብርካያ ድማ እኽልቲ'ያ" **- ማያ ወስት**

"ንፍሲ-ወከፍ ሰብ ናይ ገዛእ ርእሱ እምባ ኤቨረስት ኣለዎ። ንዕኡ ንምድያብ'ዩ ድማ ዝቃለስ" **- ሴት ጎዲን**

"ናብ ኣንፈት ሕልምታትካ ብርእሱተኣማንነት ተጓዓዝ። ንዝወት ከኣ በቲ ኣብ ኣእምሮኻ ዝሰኣልካዮ መዳይ ንበሮ" **- ሀንሪ ደቨድ**

"ሂወት ማለት ተብዓት ዝመልኦ ገድሊ እያ" **- ሄለን ከለር**

"ትምህርቲ እቲ ንዓለም ክትቅይረሉ ትኽእል ዝበለጸ ኣጽዋር ወይ መሳርሒ'ዩ" **- ኔልሰን ማንደላ**

"ንፉዕ ኣርቲስት ቀዳሓይ ክኸውን እኽእሎ፡ እቲ ዓቢ ኣርቲስት ድማ መንጠሊ'ዩ" **- ፓብሎ ፒካሶ**

"ብልህነት፡ ሓደ ሚእታዊት ጦብላሕታ ክኸውን እኽእሎ፡ 99 ሚእታዊት ከኣ ጻዕሪ'ዩ" **- ቶማስ ኤዲሰን**




## ነገረ ኣጋጣሚ

ኣብ 2007 ስቲቭ ፍላግ ዝተባህለ መንእሰይ ኣብ ሓደ ትካል ከም ሰራሕተኛ ኮይኑ ክቘጸር ጠለብ ኣቕረበ። ስቲቭ ማእከላይ መነባብሮ ዝነበሮ መንእሰይ ብምንባሩ ኣብ ቀጠባ ብዙሕ ዝጸገም ኣይነበረን። በዚ ድማ ምስታ ከም ወላዳ ክኾና ብሓላፍነት ዝተረከበቶ ኣደ ጸቡቕ ህይወት የሕልፍ ነበረ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ግና ብዘዕባ ሃለዋት ቀንዲ ወላዲቱ ካብ ምሕሳብን ካብ ምድላይን ኣየዕረፈን። ዋላ'ኳ ምልእ ኣድራሻኣ ሒዙ ክደልያ እንተፈተነ፡ ክሰልጦ ግና ኣይከኣለን። ዓመታት ድሕሪ ዝወሰደ ጻዕሪ ግና እዚ ሎሚ ብኣጋጣሚ ናይ ስራሕ ዕድል ንምርካብ ኣብ ዝኑበሮ ሃቐነ ሓሳብ ልቡ ሰሚሩሉ። ስቲቭ ንታ ንዓመታት ሃረር ዝበላ ወላዲቱ ክረኽብ ዝኽኣሉ ኣብቲ ስራሕ ንምርካብ ዘመልከተሉ ትካል ተቐባልነት ረኺቡ ስራሕ ድሕሪ ምጅማሩ እዩ።

ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ከኣ ንሓፈሻዊ ድሕረ ባይታኡን ኣድራሻ ወላዲቱን ንሓላፊኡ ብዝርዝር ድሕሪ ምዕላሉ፡ ወላዲቱ ኣብ ጥቓኡ ንበዙሕ እዋን ከም ሓላፊት መኽዘን ኮይና ክትሰርሕ ከምዝጸንሐት እዩ ተገሊጽሉ። በዚ ድማ ምስታ ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ብስራሕ ዝረኸብ ዝነበረ መሳርሕቱ፡ ድሕሪ 22 ዓመታት ኣደን ወድን ኮይኖም ከምዝለዉ እቲ ዝተረኸበ ሓበሬታ የጽርዕ። ተስፉ ከይቊረጸ ንዓመታት ወላዲቱ ዝደለየ ስቲቭ፡ ሃንደበት ክረኽባ ምኽኣሉ ንሓጎሱ መግለጺ ከምዘስኣኖ ኣብ ግዜኡ ሓቢሩ እዩ።





# ንኣፍልጦ

ማርታ ክብሮም

## ካብ ኣደነቕቲ ጽምብላት መርዓ

1. ሮማንያ - ምዝራፍ መርዓት፦ ኣብ ሮማንያ እታ መርዓት ቅድሚ መርዓኣ ኣብ ዘሎ ቅንያት እንተ ተሰዊራ፡ ሃዲማ ወይ ጠፊኣ ማለት ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ብስድራ ወይ ኣዕሩኽ መርዓዊ ተዘሪፉ ኣላ ማለት እዩ። እዚ ስርዓት ኣብታ ሃገር ነዊሕ ሰረት ዘለዎ ባህሊ እዩ። ድሕሪዚ መርዓዊ ነታ ብስድራ ቤቱ ወይ ኣዕሩኽቱ ተዘሪፉ ዘላ መርዓቱ ንምምላስ ክኸፍሎ ዝግደድ ሃገር ኣሎ። ኣገዳሲ መሳጢ ፍቕራዊ ምልክታት ወይ ድማ በኪሪ ምልእቲ ቻምፓኝ ክኸፍል ይግደድ።

2. ኬንያ - ኣብ ክዳን መርዓት ጠፍ ምባል፦ ኣብ መዓልቲ መርዓ ኣቦ እታ መርዓት ኣብ ክዳን መርዓት ጠፍ ይብል። ትርጉሙ ድማ 'ጽቡቕ ዕድል' ማለት እዩ። ከምኡ'ውን ኣብ ኬንያ ዝርከቡ ቀቢላ ማሳይ ንሳብ ዘለዎም ክብረት ንምግላጽ ጠፍ ይብሉ።

3. ህንዲ - ምስራቕ ጫማ መርዓዊ፦ ኣብ ባህላዊ መርዓ ሂንዱ፡ መርዓዊ ናብቲ ጽምብል መርዓ ዝተዳለወሉ ቦታ ኮፍ ኣብ ዝበለሉ ጫማኡ ኣውጺኡ እዩ ኮፍ ዝብል። ኮፍ ምስ በለ ድማ፡ መሓዛት መርዓት ጫማ መርዓዊ ወሲደን ይሓብኣኦ። መርዓዊ ቅድሚ ጽምብል ምውድኡ ጫማኡ ንኽወስድ ነተን መሓዛት ገለ ገንዘብ ክህበን ይግደድ።


4. ቻይና- ምብኻይ መርዓት፦ ቻይናዊት ጓል ኣንስተይቲ ቅድሚ መርዓኣ ኣብ ዘሎ ግዜ ምብኻይ ክትላመድ ትቕጻ። ስለዚ ኣብ ግዜ መርዓ ገጻ ንብዓት ዝመልኦ መርዓት ምርኣይ ልሙድ እዩ። ስለዚ ካብ ቅድሚ ወርሒ ዕለተ መርዓኣ ጀሚራ፡ ንመዓልቲ ሓንቲ ሰዓት ክትበኪ ትግደድ። ዓሰርተ መዓልታት በይና ምስ በኸየት ድማ፡ ኣብቲ ናይ ምብኻይ ጽምብል ኣዲኣን ዓባያኣን ይጽንበርኣ።

5. ማለዥያ- ምሕራም መርዓውቲ ካብ ሽቓቕ፦ ኣብ ማለዥያን ኢንዶኔዥያን ዝነብሩ ቀቢላ ቦርጆ፡ ድሕሪ ዕለተ መርዓኦም ዘሎ ሰለስተ መዓልታት ንሽቓቕ ኣለም ካብ ገዛ ክወጽኡ ኣይፍቀደን እዩ። ዝኾነ ከይገብሩ ድማ፡ ሓለውቲ ይገብሩሎም። ስለዚ ኣብዘን ሰለስተ መዓልታት ንእሽተይ መግቢን ውሑድ ዝስተን ጥራይ እዩ ዝቕረበሎም። እዚ ስርዓት፡ እዞም መርዓውቲ ከይፋትሑን ወይ ምስ ወለዱ ደቆም ብሕማም ከይሞቱዎም ከምዝሕልኸል ይኣምኑ።

6. ኣውስትራልያ- ዕዱማት እምኒ ደሓዝ፦ ኣብ ኣውስትራልያ ኣብ ጽምብል መርዓ ዝኣተዉ ዕዱማት ፍሉይ ዝኾነ እምኒ ኣብ ኢዶም ክሕዙ ይግደዱ። እቲ ስርዓት መርዓ ምስ ተዛዘመ ድማ፡ እቶም ዕዱማት ነቲ እምኒ ኣብ ሓደ ብፍሉይ ወቒቡ ዝተዳለወ ዓቢ ሽሓኒ የቐምጥዎ። ድሕሪ እዚ ድማ፡ እቶም መርዓውቲ ሓዳር ምስ ገበሩ፡ ስድራ ቤቶምን መቐርቦምን ኣብ ዝመጽዎም ህሞት ነቲ ወቒብ እምኒ የርእይዎም።



## ካብ ዛዕባታት እንስሳታት



- ዝዓበየት ዑፍ - ሰጎኒን ኣፍሪቃዊት ሰገን።
- ዝዓበየ ዓይኒ ዘለዋ - ሰገን።
- ዝቐልጠፈ እንስሳ - ነብሪ ጎልጎል፡ ኣብ ሰዓት 112-120 ኪሎ ሜተር ይጎዓዝ።
- ዝቐልጠፈ ማያዊ እንስሳ - ሴይልፊሽ።
- ዝነውሐ ዕድመ ዘለዎ እንስሳ - ኣባጉበየ ክሳብ 150 ዓመት ክነብር ይኽእል።
- ዝበርትዐ ድምጺ ዘለዎ እንስሳ - ህበይ።
- ዝዓበየ እንስሳ - ሰማያዊ ዓሳ ነባሪ።
- ዝዓበየ ተመን - ቀጠልያ ኣናኮንዳ።
- ዝነኣሰት ዑፍ - ጭሩ በለስ (ሃሚንግ በርድ)።
- ዝሓየለ እንስሳ - ሓርሽ፡ 850 ዕጽፊ ናይ ክብደቱ ክስክም ይኽእል።

## ኤርነስት ሀሚንግወይ

"ብጽሑፍ ኣዝዩም ዝምቅሩ ፍጻመታት ኣለዉ."

ካብ ክልተ ምህራት ስድራ ቤት እዩ ተወሊዱ። ኣቦኡ ሓኪም ኣደኡ ድማ፡ መዚቐኛ ነበረት። ንሱ ድማ ዓቢ ደራሲ ነበረ። ብዘይካ እዚ ጋዜጠኛን ስፖርታዊን እዩ። ዓበይቲን ኣደነቕቲን መጽሓፍቲ ብምጽሓፉ ኣብ መላእ ዓለም ተፈላጦነት ከጥሪ ግዜ ኣይወሰደን። ክሳብ ሕጂ ድማ ሽሙ ብኽብሪ ይዝከር ኣሎ - ኤርነስት ሀሚንግወይ።

ሀሚንግወይ ኣብ ሓንቲ ንእሽቶ ከተማ ናይ ኣመሪካ እዩ ተወሊዱ ዓቢዩ። ድሕሪ ምዝዛም ካልኣይ ደረጃ ትምህርቱ ንቐሩብ ኣዋርሕ ከም ጋዜጠኛ ኮይኑ ሰሪሑ። ብዘይካ እዚ ኣብ ስፖርት መኸተ ገስጠ፡ ጉያ፡ ኩዕሶ እግርን ይነጥፍ ነይሩ። ድሕሪዚ ግን፡ ቀዳማይ ኲናት ዓለም ስለ ዝተወልዐ ከም ኣውተስታ ናይ ቀይሕ መስቀል ኮይኑ ሰሪሑ። ኣብ ስራሕ ከሎ ግን፡ ብኸቢድ ስለ ዝተወግአ ንቤቱ ተመልሰ።


ሀሚንግወይ ኣብ 1921 ምስ ሃድለይ ሪቻርድሶን ድሕሪ ምምርዓው፡ ሓቢሮም ናብ ፓሪስ ተጓዕዙ። ኣብቲ ግዜ ድማ እዩ ኩሉ ግዜኡ ወፍዩ ኣብ ስነጽሑፍ ዘተኩረ። ኣብ ፓሪስ ኣብ ዝበረሉ ግዜ ኣብ ጋዜጣ ቶሮንቶ 20 ሓጸርቲ ዛንታታት ጽሒፉ። ኣብ 1992 ኣብ ሓቀኛ ዛንታ ህይወቱ ዝተመርኮሰት "A Farewell to Arms" ዘርእስታ መጽሓፍ ጽሒፉ።

ኣብ 1937፡ ኣብ ኲናት ኣብ ስጳኛ ዝበረ ኲናት ከም ጋዜጠኛ ኮይኑ ንኽጽሕፍ ናብ ስጳኛ ተጓዕዘ። ጸኒሑ ድማ ኣብ ኲናት ሓድሕድ ስጳኛ ዝበረ ቃልሲን ሕንፍሽፍሽን ዝገልጽ መጽሓፍ ጽሒፉ።

ሀሚንግወይ ኣብ ስነጽሑፍ ዝበሮ ክእለት ኣዝዩ ዝኣደነ ሱሓቢ ነይሩ። ብጠቕላላ ሸውዓተ ልብወለድ መጽሓፍቲ፡ ሽዱሽተ መጽሓፍቲ ሓጸርቲ ዛንታታት፡ ክልተ ድማ ኣብ ሓቀኛ ዛንታ ዝተመርኮሱ መጽሓፍቲ ብጠቕላላ 15 መጽሓፍቲ ጽሒፉ።

ኣብ 1950 ሀሚንግወይ ክልተ ግዜ ሓደጋ ነፈርቲ ኣጋጢሞ። ብኸቢድ ድማ ተሃስዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ከሎ ግን፡ ምጽሓፍ ኣየቋረጸን። ሽልማት ፑሊትዘር ክዕወት በቕዐ፡ ኣብ 1954 ድማ ኣብ ስነ ጽሑፍ ብዝገበሮ ኣበርክቶ ሽልማት ኖቤል ተዓዊቱ።

ሀሚንግወይ በቲ ዘጋጠሞ ሓደጋ ነፈርቲ ከቢድ ቃንዛ ነበሮ። ካብኡ ዝተላዕለ ብዙሕ ጸቕጢታት የጋጥሞ ነበረ። ከም ሳዕቤኑ ኣብ 1961 ነፍሰ ቕትለት ፈጸመ።



## ናይ ምስጋና ህይወት ይሃልኻ

"ኣብ ልዕሊ ካልእ ሰብ ሕማቕ ስምዒት ምህላው ንህይወትካ'ዩ ዘቃጽሎ። የጉዳስ ምስጋና ዝ'ዩ ዘጥፍኣልካ።" - ቡድሃ

ብሸክሊ ሓደ ልቦኻ እተሰበረሉ ዝምድና ትሳቐ እንተለኻ ኮነ ጉሂኻ እንተለኻ፡ ስቓይካ ንምቕያሩ ናይ ምስጋና ተኣምራታዊ ሓይሊ ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ። ምስጋና፡ ነቲ ናይ ስቓይ ስምዒትካ ናብ ተሃድሶ ሓጉስ ክስጋግሮ እዩ። ናይዚ እቲ ዝበለጸ ኣብነት ናይ ስድራይ ክዋገረካ።

ወለደይ ኣብ ፈለማ ዝተረኣኣዩሉ ህሞት'የም ኣብ ፍቕሪ ወዲቖም። ካብታ ዝተራኸቡላ ህሞት ሓደ ነቲ ካልእ ብምህላዉ ምስጋና ይህቡሉ ነይሮም። እቲ ዝበለጸ ሓዳር ድማ ኣሕሊፎም - ከምኡ ዓይነት ሓዳር ኣጋጢሙኒ ኣይፈልጥን'ዩ።

ኣቦይ ምስ ሞተ፡ ኣደይ ብርዱእ ምኽንያት ብዓሚቝ ጓሂ ተሳቐየት። ድሕሪ ኣዋርሕ ናይ ስቓይ ግዜ ግና፡ ናይ ምስጋና ተኣምራታዊ ሓይሊ ክትለማመድ ጀመረት። ሕልፊ'ቲ ዝሰምዓ ዝበረ ዓሚቝ ጓህን ስቓይን ከኣ ምስጋና ክትህበሉ ንእትኽእል ነገራት ከተናዲ ጀመረት። ብሕሉፍ ህይወታ ጀመረት፡ ንኹሎም'ቶም ዘሕለፈቶም ዝበለጹ እዋናት ብዘኸሪ እናተመልሰት ኣስተማቕረቶም - ነቲ ምስ ኣቦይ ዘሕለፈቶ ሕጉስ እዋናት ከይተረፈ። ሽው ሓደ ዓቢ ስጉምቲ ወሰደት - ኣብ መጻኢ ክህልዋ ንዝኽእል ብሉጽ ነገራት ምርኣይ ወሰነት። ሓደ ብሓደ ድማ ረኸበቶም። ኣቶም ወትሩ ክህልውዋ እትደልየም ዝበረት ነገራት ከምዝረኸበቶም ገይሩ ኣማስኒኡዎም።




በቲ ኣቦይ ብህይወት ኣብ ዝበረሉ እዋን ክትትግብሮም ዝይከኣለት ኩሎም ድማ ክትትግብሮም ጀመረት። ብመገዲ'ዚ ተባዕ ስጉምቲ ናይ ምስጋና እናተሓገዘት ኩሉ በቲ ዝረኸበቶ ዕድላት ኣቢላ ሕልምታታ ንምምዛድ ተኣምር ናይ ህይወታ ዛረየ። ህይወታ ዳግማይ ብሓጎስ መልአ። እዚ ተኣምራታዊ ሓይሊ ናይ ምስጋና ንኣደይ ዳግማይ ህይወት ንኽህልዋ ኣኽኣሎ።

ንናይ ሎሚ ተኣምራታዊ ልምምድ፡ ኖቲ ኣብ ህይወትካ ዘቃጽል ዘሎ ጓህሪ ክትረኽቦ ኢኻ - ንእሉቱ ድማ ንዕኡ ናብ መገዲ ምስጋና ኣብልካ ናብ ወርቂ ክትቕይሮ ኢኻ። ሓደ ኣሸጋሪ ጭንቂ ዝመልኦ ወይ ዝተሰብረ ዝምድናኻ ክመሓየሽልካ እትደልዮ ምረጽ። እቲ ሰብ ኣብ ህይወትካ ዘሎ ይኹን ዘየለ ብዘየገድስ - እቲ ዝምድናኻ'ውን ዝሓለፈ ይኹን ወይ'ውን ኣብ ህይወትካ ዘየለ'ውን እንተኾነ ዘሸግር ኣይኮነን።

**ምንጪ ጽሑፍ - መጽሓፍ 'እቲ ምስጢር'**

## ብዛዕባ ለውጢ ካብ ዝተባህለ

- ንዓለም ክትቕይር እንተ ደሊኻ ቅድም ኣተሓሳስባኻ ቀይር።
- ሓቀኛ ህይወት ምንባር ዝጅመር፡ ንኣሹቱ ለውጠታት ክትገብር ምስ እትጅምር እዩ።
- ህይወት ብለውጢ እምበር ብዕድል ኣይኮነትን እትመሓየሽ።
- ንለውጢ ኣይትፍራሕ፡ ንፍርሒ ለውጦ።
- ክትልውጦ ንዘይክኣልካ ተቐበሎ፡ ክትቕበሎ ንዘይክኣልካ ነገር ከኣ ለውጦ።
- ኣነ ኣብ ዓለም ዘለኹ ንዓለም ክቕይር እዩ።

## ካብ ጥቕስታት ኣልበርት ኣይንስታይን


- ሓቀኛ ምልክት ለውጢ ዝመጽእ ብዘለካ ፍልጠት ዘይኮነ፡ ኣብ ኣእምሮኻ ብዝፍጠር ስእሊ እዩ።
- ዝኾነ ጌጋ ፈጺሙ ዘይፈልጥ ሰብ፡ ዝኾነ ነገር ፈቲኑ ዘይፈልጥ እዩ።
- ዝኾነ ነገር ብዝቐለለ ክትገልጾ እንተ ዘይክኢልካ፡ እቲ ሓሳብ ብግቡእ ኣይተረድኣካን ማለት እዩ።
- ንኹሉም ሽግራት ብሓደ ዓይነት ኣተሓሳስባ ኣይክንፈትሖን ኢና።
- ሓበሬታ ፍልጠት ኣይኮነን።
- ሰላም ንዓኣ ብዘለካ ምርዳእ እምበር፡ ብሓይሊ ኣይኮነትን እትዕቀብ።
- ናብ ተፈጥሮ ኣጸቢቕካ ብዝተዓዘብካ፡ ኩሉ ነገር ብዝበለጸ ክርድኣካ ክጅምር እዩ።

# ካብዝን ካብትን

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ኣብ መዓልቲ ክንደይ ዝኣክል ማይ ኢና ክንሰቲ ዘሎና?

ማይ ሓደ ካብቶም ንደቂ ሰባት ካልኦት ህይወታውያንን ዘድልዩ መሰረታውያን ነገራት'ዩ። ኮይኑ ግን ኣድላይነቱ ሓደ ሰብ ብዝጠልቦ መጠን ዝውበረሉ ከበቢ፡ ኩነታት ኣየር፡ ናይ ስራሕ ኩነታት ናይ ኣካባቢ ሚዛን ይፈላለ። መዓልታዊ ዝተፈላለየ ትሕዝቶ ዘለዎም ፈሳሲ ብሰሩዕ ኣገባብ ምውሳድ ሰብነትና ማያዊ ትሕዝቶኡ ከይጎድል'ኳ ዝሕግዝ እንተኾነ፡ ነቲ ቀጻልነት ዘለዎ ግብኢ ሚዛን ማይ ኣብ ኣካላትና ንኽህሉ ዝዝውበር መዓልታዊ ክንወስዶ ዝግብኦና እኹል ጽሩይ ማይ ግን ብዘየኮ መለክዒ ክትክእ ኣይክእልን'ዩ። ስለዚ ሓደ ሰብ ኣብ መዓልቲ ክንደይ ዝኣክል መጠን ማይ ክሰቲ ከም ዘለዎ ንምፍላጥ፡ ዕድመኡ፡ ናይ ስራሕ ኩነታቱን መዓልታዊ ዘድልዮ ትሕዝቶ መግቢን ኣብ ግምት ከእቱ የድልዮ። ምኽንያቱ ነዞም ዝተጠቕሱ ረቛሒታት ኣብ ግምት ዘእተወ ኣጠቓቕማ ማይ ንስሩህይወታዊ ተግባራት ኣካላትና ብግቡእ ንኽፍጽሙ ስለ ዝሕብር። ብኣጠቓላሊ መዓልታዊ ጠለባትና ካብ ሰብ ናብ ሰብ ስለ ዝፈላለ፡ ንሓደ ሰብ ዘገልግል ውሱን ቀመር ኣጠቓቕማ ማይ የለን። ሰብ ሞያ ስነ-መግቢ፡ ሓደ ሰብ ንመዓልቲ 8 ብኬሪ ማይ ክሰቲ ከም ዘለዎ'የም ዝምዕዱ። ሰብ ሞያ ሓለዋ ጥዕና'ውን ነዚ ሓሳብ ይሰማምዕሉ እዮም። ብሓፈሻኡ ሓደ ሰብ ብዘበለሒ ማይ እንተ ሰተየ ዘምጽኣሉ ጉድኣት የለን። ይኹን'ምበር፡ ብዙሓት ሰብ ሞያ ጥዕና፡ ዓቕሉ ዝሓለፈ ማይ መዓልታዊ ምስታይ፡ ነቲ ኣብ ሰብነትና (ኣካላትና) ዝርከብ ትሕዝቶ ሶድየም ክጎድኦ ይኽእል'ዩ ዝብል እምነት ኣለዎም።



## ብዛዕባ ኣሲዶ ኡሪኮ

ሓደ ሰብ ዕድመኡ ኣብ ኣርብዓታት ምስ በጽሐ ቃንዛ መላግቦ ምስ ዝስምዖ ብቑዓትምኒት ኣብ ግምት ዘእትዎ ዓይነት ሕማም ኣሲዶ ኡሪኮ (Acido Urico) እዩ። ከም ዝፍለጥ፡ ሰብነት ዋህዮ ብዝተባህለ ዝደቀቐ ህያው ዝተነድቀ እዩ። ኣብ ውሽጢ'ዚ ዋህዮ ኣዝዩ ሕልኽላኽ ቀመማዊ መስርሕ ይካየድ። ዳርጋ ንኹሉ ንጥፈታት ናይ'ቲ ዋህዮ ዝቈጻጸር ክፍሊ ዋህዮ ኩኑ ኑክሌስ ይብሃል። ዘይንቡር ወህለላ ዩሪክ ኣሲድ ብምልክት ሕማም ምስ ዝገለጽ ኣሲዶ ኡሪኮ ተባሂሉ ይጸዋዕ። ኣሲዶ ኡሪኮ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ማእከላይ ዕድመ ክኸሰት ተኽእሎ ኣሎ። ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ግን እቲ ኤስትሮጅን ተባሂሉ ዝፍለጥ ኣንስታይ ሆርሞን ንዩሪክ ኣሲድ ምስ ሽንቲ ናይ ምውጻእ መስርሕ ስለ ዘቀላጥፍ፡ ኣብ ግዜ ንእስነት ኣይርኣን እዩ። ድሕሪ ንጽፈ-ጽግያት ኣብ ዘሎ ግዜያት ግን፡ መጠን ናይ'ቲ ሆርሞን ስለ ዝንክይ፡ ኣቺዶ ኡሪቺ ክኸሰት ይኽእል።

ቅጽበታዊ ነድሪ መላግቦ ሃንደበት ዝኸሰት ዓይነት ኮይኑ፡ ዳርጋ 75% ኣብ መላግቦ ናይ ኣጻብዕቲ እግሪ ብፍላይ ከኣ ኣብ ዓባይ ዓባይቶ እግሪ ይረአ። ኣብ ዓንኰር-ዓንኰሪትን መላግቦ ብርክን'ውን ክኸሰት ይኽእል። ሙብዛሕትኡ እዋን ብሓደ መላግቦ ይጅምር። እቲ ዝተንከፈ መላግቦ ሕበጥ፡ ምቕያሕን ቃንዛን ኣለዎ። ዚ ንምክልኻል ኣልኮላዊ ትሕዝቶ ዘይብሉ ፈሳሲ ክውሰድ ይግባእ። እቲ ካልእ ዕውት ኣገባብ ክንክን ጥዕና መላግቦታት ከኣ ኣካላዊ ምውስዋስ እዩ።



## ካሜሮን ድያዝ

ካብ 1988 ክሳብ 1993 ሞዴለስት ኮይና'ያ ሰሪሓ - ኣመሪካዊት ተዋሳኢት ካሜሮን ድያዝ። ኣብ 90ታት 'ዘ ማስክ'፡ 'ማይ በስት ፍሬንድስ ውዲንግ' ከምኡ'ውን 'ዘር ኢዝ ሳምቲንግ ኣባውት ሜሪ' ዝርከብኦም ፊልምታት ምስ ሰርሐት'ያ ኣብዚ ሞያ ዘለዋ ብቕዓት ጎሊሑ ተራእዩ። ኣብቲ ሽው እዋን'ያ እምበኣር፡ ሓንቲ ካብቶም ፍሉጣት ተዋሳእቲ ናይ ዓለምና ኮይና ዝተቐልቀለት። ብ30 ነሓሰ 1972 ኣብ ሳንድያጎ - ካሊፎርንያ ዝተወልደት ካሜሮን፡ ጓል 16 ዓመት እንከላ'ያ ካብ መንበሪ ገዛኣ ወጺኣ። ዝኣድ ቁመናን መሳጢ መልክዕን ዕድል ስራሕ ከፊቱላ። ኣብ ንእስነታ ካብ ቤታ ክትፍለ ዘየሰከፍ ኣይነበረን። ወለዳ ግና፡ ብሩህ መጻኢ ጓሎም ኣይተኸወለሎምን።

'ሺ ኢዝ ኖ ኤንጀል' ጓል 19 ዓመት ጎርዞ ከላ ዝዮጸየታ ፊልም' ነይሩ። ዝኾነ ናይ ምውሳእ ትምህርቲ ዘይወሰደትን እኹል ተመክሮ ዘየዋህለለትን ካሜሮን፡ ድሕሪ እዚ ስራሕ ኣብ 'ዘ ማስክ' ዝርእስታ ካልእ ፊልም'ያ ክትሰርሕ ተሓጺያ። ዘ ማስክ እናተሰርሐት እንከላ ከኣ፡ ካሜሮን ፍልጠታ ንምዕምባቕ ሓጋዚ ጽሑፋት ተንብቡ ነበረት። ዘ ማስክ ኣብ 1994 ናብ ዕዳጋ ምስ ወረደት ሓንቲ ካብተን 10 ቀዳሞት ፊልምታት ናይቲ ዓመት ኮይና ክትርቋሕ እንከላ፡ ተራ ካሜሮን ዝዚፍ ነበረ። ከም ወጽኢቱ ድማ፡ ካሜሮን ንብዙሓት ሽልማታት ተረቚሓት። ኣብ 1996 'ሺ ኢስ ዘ ዋን'ን 'ሄድ ኣባቭ ዋተር'ን ዝሰርሓተን ፊልምታት እየን ነይረን።

ካሜሮን ኣብዚ ስራሕ ብዙሕ ናእዳ ኣትሪፋ'ያ። ዚ ከም መንጠሪ ባይታ ተጠቒማ ከኣ፡ ብመሰረት ኣቐዲማ ዝሓንጸጸቶ መደብ ኣብ ምስራሕ ዓበይቲ ፊልምታት ከተተኩር ጀመረት። 'ማይ በስት ፍሬንድስ ዌዲንግ'ን 'ኣ ላይፍ ለስ ኦርዲናሪ'ን ከኣ፡ ንዓኣ ክጸብያ ዝጸንሓ ክማስለ ኣብ 1997 ዝተዘርግሓ ካሜሮን ዝዮጸየትለን ብሉጻት ፊልምታት እየን። ኣልግዐ ኣቢላ ኣብታ ንስምዒት ተዓዚቢታ ዝረኸበት 'ዘር ኢዝ ሳምቲንግ ኣባውት ሜሪ' ዝተሰምየት ፊልም ዝሰርሐት ካሜሮን፡ ዝበለጸት ተዋሳኢት ተባሂላ ንሽልማት 'ጎልደን ግሎብ ኣዋርድ' ተረቚሓት።

ካብ 1998 ክሳብ 2000 ካሜሮን ኣብ ብዙሓት ፊልምታት ከም ቀንዲ ገጸ ባህሪ ኮይና ሰርሐት። 'ቲንግስ ዩ ካን ቴል ጃስት ባይ ሉኪን ኣት ሄር'፡ 'ቨሪ ባድ ቲንግስ'፡ ካልኦትን ገለ ካብተን ኣብቲ እዋን ካሜሮን ዝሰርሓትለን ብሉጻት ፊልምታት እየን።

ኣብ 2003 ኣብ 'ጋንግስ ኦፍ ኒውዮርክ' ብምስራሕ ንጁሊያ ሮበርትስ ሰዒባ ሳልሰይቲ ኮይና ብምዕዋት 20 ሚልዮን ዶላር ዝረኸበት ካሜሮን፡ ኣብ 2005ን 2006 'ኢን ሄር ሹዝ' ን 'ዘ ሆሊደይ'ን። ኣብ 2011 ከኣ ኣብ ፊልም 'ባድ ቲቸርስ' ሰሪሓ ነይራ። ብዘይካ'ዚ ኣብ ብርክት ዝበሉ ናይ ቴለቪዥን ምርኢታት እውን ተሳቲፋ'ያ። ክሳብ 2018 ፊልምታታ ኣብ ኣመሪካ ልዕሊ 3 ቢልዮን ዶላር ኣታዊ ብምርካብ ኣብ ውሽጢ ሃገር ኣብ ቦክስ ኦፊስ ሓሙሻይ ዝለዓለ ኣታዊ ዝረኸበት ተዋሳኢት ኮይና ነይራ። ገና ኸኣ ብምሉእ ዓቕማ ትሰርሕ ኣላ።



## ቅዛነት

ኣብ'ዚ ዘለናዮ ግዜ ቅዛነት ሓደ ካብ'ቲ ንደቂ ሰብ ኣሻጋሪ ኮይኑ ዘሎ ኣብ ኩሉ ዕድመ ዝረኣ ናይ ስነ ኣእምሮ ብድሆ እዩ። ቀዳሞት ፈላጣት ናይ ስነ-ኣእምሮ ብመሰረት ኣኾልጺኦም ካልኣይ ስሙ ንቕዛነት "ሜላንኮሊያ" እዩ። ኣብ ካልኣይ ዘመን ዝነበረ ኣሬቲዩስ ዝተባህለ ሓኪም ከኣ ንኣብነት፡ ንቕዛነት ዘለዎ ሰብ ከም ሕዙን፡ ዘይግዱስ፡ ተስፋ ዘይብሉን ድቃስ ዝሰኣነን ጌሩ ይገልጾ። ናይ ሕክምና ሰብ ሞያ፡ ንቕዛነት ሰዓል ናይ ስነ-ኣእምሮ ኢሉም እዮም ዝገልጽዎ። ዝቓዘ ሰብ ንህይወት ብጸቢብ ማዕጾት ናይ ኣዒንቲ እዩ ዝርእዮ። መብዛሕትኡ ግዜ ድማ፡ ክሓውዩ ከም ዘይክእሉ ኩሉ ነገር ተስፋ ከም ዘይብሉ፡ ዋላ እውን ዝጸዓሩ እንተ ጸዓሩ ዝልወጥ ነገር ከም ዘየሉ እኳ ደኣ ይገድድ ከም ዘሎ ገይሮም ይሓስቡ። ማዕረ እዚ ድማ፡ ዝቓዘዩ ዘለዉ ህይወቶም ንድሕሪ ሕጂ ናብ ንቡር ከም ዘይትምለሰን ንመጻኢ ክርእይዎ ዘለዎም ብርሃን ደብዚዙ ምኻኑን ይርድኦም። ናይ'ዚ መወዳእታ ድማ፡ ኻፍሰቅትለትን ምስኡ ዝተሓሓዙ ኣሉታውያን ወጽኢታትን ይኸውን። ናይ ቅዛነት ኣሉታዊ ወጽኢቱ ነቲ ዝሓመመ ሰብ ጥራይ ዘረኽብ ብዘይምኻኑ እዩ። ሓያል ድሌት ናይ ሓገዝ ካብ ኣዕሩኽቱን ወለድን፡ ሓያል ናይ ምጽዋር ክእለትን ምዕጋስን ዝሓትት እዩ። "ሕርቃን ቀንዲ መግለጺ ቅዛነት ስለ ዝኾነ፡ ሓደ ዝቓዘ ወላዲ ኣብ ደቁ ዝህልዎ ናይ ሕርቃን ግብረ-መልሲ ከበድ ክኸውን ቅቡል እዩ" ይብል ሓኪም ደሚትሪ ፓፖለስ። ዚ ግና፡ ከይኖሩ እንከሎ ክትጥንቀቐሉ ኣገዳሲ ምኻኑ እዩ ዝኣምን። ጠንቂ ቅዛነት ወይ ሜላንኮሊያ ብመብዛሕትኦም ክኢላታት ክሳብ ሕጂ ክፍለጥ ዘይተኻእለ'ኳ እንተኾነ፡ ንገለኦም እቲ ጠንቂ ናይ ስርዓት ቀመም ዘይምርግጋእ (ኬሚካል ኣምባላንስ) ክኸውን እንከሎ፡ ንዕኡ ክፍወስ ዝኽእል ድማ መድሃኒታዊ ኣገባብ ምኽታል ምዃኑ ይኣምኑ። ንካልኦት ድማ ጠንቂ ቅዛነት፡ ኣዝዩም ልቢ ዝትንክፉ ሕሉፍ ክስተታት ክኸውን ከም ዝኽእል ይኣምኑ። ሞያውያን ኣማኸርቲ ከም ዝገልጽዎ፡ ሜላንኮሊያ ወይ ቅዛነት፡ ሓያል ግዜ ግብረ-መልሲ ናይ ሕማቕ ኣጋጣሚታት ኮይኑ እዩ ዝርከብ። ስለዚ እዩ ከኣ ኣብ ቅዛነት ሕርቃን ከም ጠንቅን ተርእዮ ናይ'ቲ ሕማምን ክኸውን ዝኽእል። "ዝኾነ ቁም ዝሕዝ እቲ ተጠቒዑ ዘሎ ሰብ ክሕጎሶን ክሐይን እቲ ዝበለጸ ምርጫ እዩ።



እቲ ብዘይካ'ዚ ሕማም ዘለዎ ዘሎ ዜና ከኣ፡ መብዛሕትኦም እቶም ዝተጠቕዑ ሰባት ይሓውዩ ምኳኖም እዩ። ሞያውያን እዚ ዓውዲ ከም ዝሕብርዎ፡ 80 ካብ 100 ካብቶም ዝተጠቕዑ ግዳያት'ዚ ሕማም ድሕሪ ሕክምና ወጽኢታዊ ኩነታት ጥዕና ለቢሶም ይረኣዩ። ካብዚ ሕማም ወላ እውን እንተ ተለኸፍካ ናጻ ንምኳን ንጡፍ ኣገባብ ኣካቢብ፡ ከምኡ ድማ ኣፍሪዱን ጥቕሚ ዘለዎ ናብራን ምንባር ኣገዳሲ'ዩ። ሕክምናዊ ሓገዝ ንቕዛነት ኣገዳሲ'ዩ - ክትጥቀመሉን ከይትጥቀመሉን ግና ግላዊ ምርጫ እዩ። ብዙሕ ግዜ ኣብ ሽግራት ትኣቱ እንተ ሃሊኻ ሓደ መዓልቲ ክኸብደካ ስለ ዝኽእል ሓገዝ ምሕታት ጸቡቕ'ዩ።

ሃንደበታዊ ለውጢ ኣብ ሕብረተሰባኣዊ ኩነታት፡ ምስዕራር ናይ ኣዝታዊ ባህርያት፡ ዘይሓለፍታውነት፡ ጸረ ሕብረተሰብ ዝኾኑ ባህርያት ምንጽብራቕን... ካልእን ንስርዓተ ሓበሬታ ከም ዝዳነቤል ጌሩ ቅዛነትን ካልእ ዓይነት ሕማማት ስነ-ኣእምሮን ከስዕብ ይኽእል።

> ### ጥቕስታት ሕብራዊት ብርዒ
>
> - "ገለ ሰባት ኣብቲ ጸገሮዳ እሾኽ ስለ ዘሎ ይሓዝኑ እዮም። ኣነ ግና ኣብቲ እሾኽ ጽገረዳ ስለዘሎ ሕጉስ እየ።" - **ፒቶር**
> - "እቶም ንናጽነት ካልኦት ዝፍጉ ናጽነት ኣየድልየምን እዩ።" - ኣብርሃም ሊንከን
> - "ሰባት ከምቲ ክኾኑልካ እትደልዮም ዘይምዃናም ኣይትሕረቕ፡ ምኽንያቱ ንዓኻ ርእሰኻ ከምቲ ትደልዮ ስለ ዘይትኸውን።" - **ቶማስ ከምፒስ**
> - "ዕርክነት ንልብታት ብሓደ ዝጠምር ወርቃዊ ገመድ እዩ።" - **ዘይተፈልጠ**
> - "ምንባር በቲ ዘለና ክኸውን ከሎ፡ ህይወት ግን ኣብቲ ብፍቕሪ ተተባቢዕና ንኻልኦት እንህቦ ሓገዝ ይምስረት።" - **ዊንስተን ቸርችል**
> - "ዓቕሊ ዝጸበበ ሰብ ዓለም ጸቢብ'ያ። ንትስፉዋት ግን ዓለም ልዕሊ ዓቕን ገፋሕ ኢያ።" - **ኣሻንቲ**

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ፊዮሪና |
| 09:45 | ድራማ |
| 10:25 | ኤርትራ 77 1ይ ክፋል |
| 11:00 | ማእገር |
| 13:00 | ደቀተራት ኣብ ስትድዮ ቀጥታ |
| 14:00 | ሞዚቃ |
| 16:30 | ፊልም እንዳዘዮም |
| 17:05 | ተኸታታሊት ፊልም ቀለቤት ልቢ ተዋሳኢ 2ይ |
| 17:45 | ወድድር መን ዘበረ 2ይ |
| 18:15 | መደብ ህርመት |
| 19:10 | 30 ዓመታት መኸተ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ወድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መደብ ኢድኣት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

### ሰኑይ

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 15:30 | ኤርትራ 77 (2) |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ደረት ቃና |
| 18:45 | ሳይዳ |
| 19:25 | 30 ዓመታት መኸተ (2) |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻሜታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ማህደር |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ኢዳኣት (3) |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Eritrea-Sichuan Mineral Construction Corp LTD. (ESMC/ENFI) is inviting applicants for the following positions for Asmara Copper-Gold Polymetallic Project Site.

Position-10: Surveying Engineer
Department: Processing Plant and Tailings Storage Facility
Number Required: 03
Contract Type: Definite (One Year)

Major Duties and Responsibilities
- Coordinate daily survey work.
- Monitoring project quality and progress.
- Normalizing data in the office work.
- Maintenance and Serving of Surveying Instrument.

Qualification and Other Skills
Education:
- Bachelor Degree in Surveying and Mapping Engineering.

Work experience:
- Holding relevant certificates or professional titles.
- Familiar with relevant Chinese and local standards.
- Proficient in written and spoken English & Eritrean or Chinese & English.
- More than 1 years of experience in surveying.

Additional skills and abilities:
- Skillfully operate various measuring instruments.
- Master the use of CAD, CASS and other drawing software.
- Have a very good sense of teamwork.
- Strong organization and coordination ability.
- Good communication skills.

Position-11: Civil Engineer
Department: Processing Plant and Tailings Storage Facility
Number Required: 03
Contract Type: Definite (One Year)

Major Duties and Responsibilities
Responsible for the coordination and management of the project civil engineering engineers, and good supervision and management. Cooperate with project manager to complete project management
- Assist Technical Director in drawing review and technical disclosure.
- Overall management of construction site, responsible for project quality, safety, schedule and cost.
- Report the project schedule to the project manager on time.
- Assist the communication among designers at the site and in the Institute.
- Complete other tasks assigned by project manager.

Qualification Requirement
Education:
- Bachelor's degree in Civil Engineering

Work experience:
- 5 years and above experience in EPC projects or mining projects.
- Command of English writing and speaking.
- Professional Engineer certificate approved by China or Eritrea
- At least three similar project working experience

Additional skills and abilities:
- Good at CAD, EXCEL PPT and other computer software
- Familiar with mine development process, equipment installation industry, mine design, production organization, safety management and other capabilities
- Ability to form and lead teams
- Have the ability to find problems and solve problems alone
- Basic communication skills in Chinese and English

Position-12: Production Scheduler
Department: Processing Plant and Tailings Storage Facility
Number Required: 03
Contract Type: Indefinite

Major Duties and Responsibilities
- Developing project schedule, and execution after approval by PM
- Monitoring the schedule performance for design, procurement and construction
- Prepare and inspect the records, advises and reports from project site
- Report to control manager monthly by monthly progress report

Qualification Requirement
Education:
Technical college degree

Work experience:
- Over 3 years of working experience in related fields.
- International Engineering, Procurement and Construction project, overseas project management experience is preferred
- Applicants who can speak and write in good Chinese and English is preferred.
- Have a good knowledge of the engineering and technology Standards, Procedures and Specifications
- Working Experience in design and consulting institute is required

Additional skills and abilities:
- Excellent language expression skills
- Excellent communication, coordination and project management skills
- Proficient in operating the progress management software (operating P6 software is required for this position).

General Information and Other Requirement
- Place of Work: Asmara Project Sites
- Salary: As per Company salary scale
- Type of Contract: Definite

Additional Requirement for Nationals:
- Having fulfilled his/ her National Service Obligation and Provide evidence of Release Paper from Ministry of Defense.
- Present Clearance from current/ last employer or Unemployment card from Labor office.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credential, a copy of your National Identity card etc.)
- Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All application should be sent through the post office.
- Deadline for application; 07 days from the date of publication on the newspapers

Address: Please mail your application to;
